# ናይ ስሕር ሑክሚ

ዳር - አል - ኑር

ካሊፋ ሐማድ እስማዕል

ዓብዱልቃድር ሙሐመድ አዋል

# حكم السحر

دار – النور

خليفة حمد اسماعيل

عبد القادر محمد أول

سم الله الرحمن الرحيم

ረቢ (ሱ.ወ) ንባሮቱ ኣብ ተፈጥሮኣዊ ዝኾነ ንጹህ መንገዲ እዩ ፈጢርዎም: ናብቲ ጽፉፍን ቅኑዕን መንገዲ ድማ ጸዊዕዎም:: ሸይጣን ድማ ብወገኑ ካብዚ መንገዲ ከስሕቶም ብኹሉ መኣዝን ቦታን ይመጾም: ግዳያት ዝኾንዎ እንተረኺቡ ድማ ብሓንጎሎም ተጻዊቱ: ብናይ ጥርጠራ ሃተውተው ኣዘናጊዑ: ብድሑር ናይ ሃጠውቀጠው እምነት ከምዝምርሑ: ሃለውለው ኢሎም ብጥንቆላ: ብሲሕርን ሻዕወዛን ከምዝኸተሉን ዝምርሑን ይገብሮም። እስልምና ካብ ድሑር እምነት ዘገላግል: ካብ ጥርጣረ ናይ ልቢ ዝፍውስ መድሃኒት እዩ።

ወዲ-ሰብ ዕልሚ ምስወሓዶ: ካብ ዲኑ ምስረሓቐ: ኢማኑ ይጎዱል: ከይተረደኦ ኣብ ሺርኪ ይወድቕ: ጉዳዩን ሽግሩን ድማ ኣከንዲ በቲ ረብን ረሱልን ዝኣዘዝዎ ዝፈትሕ: ናብ ሲሕረኛታት: ጠንቆልቲ:

ደጃሊንን ሙሻዕዊዝንን ገጹ የምርሕ። ክቡራት ሙእምኒን: ሲሕርን ጥንቆላን ካብቶም ዓበይቲ ክልኩላት ዘንብታት እዮም። ንተግበርቶም ኣብ ታኼላ ናይ ዘንቢ ኣስጢሞም ዘጥፍኡኻ ተግባራት እዮም። ስሒረኛታት ነቶም ሳንኩፍ እምነት ዘለዎም ፈኩስ ልቢ ዝሓዘ ሰባት የዳህልሉ: ነቶም መስተውዓልቲ: ልቦም ብብርሃን ናይ ኢማን ዝተወቀበን ሰብ ኢማንን ግና መንገዲ የብሎምን። ሲሕሪ: ንተውሒድ ዝጻረር እቲ ዝዓበየ ሺርኪ ኮይኑ ምስ ሰይጣውንቲ ምስተዓራረኽካን ናብኦም ምስ ቀረብካን ዝብጻሕ ናይ ኩፍሪ ደረጃ እዩ። ኣብ ሕብረተ-ሰብ ዘስዕቦ ጉድኣት ማእለያ ዘይብሉ: ንብዙሓት ዝቐተለ: ንብዙሓት ዘሕመመ: ብዙሓት ድማ የእምርኦም ኣስሒቱ ብሓንጎሎም ዝተጻወተ: ሰብኣይን ሰበይትን ዘፋተሐ: ኣብ ውልቀ-ሰባትን ስድራቤታትን ጽልእን ቅርሕንትን ዝዘረአ: ንዓመጽን ባእስን ዝዓደመ ነገር እዩ። እንተኾነ ግዳ ከምቲ ረቢ ዝበሎ: ኣብ መንገድኻ እንተለኻ ብዝመጸ እንተመጸ ኣይዕወትን እዩ:-

وَلَا يُفْلِحُ السَّاحِرُ حَيْثُ أَتَى

ብሓቂ ወላሂ ኩነታት ናይ ሲሕረኛታትን ናብርኦምን እንተሪኢኻዮ ዘሰክሕ፡ ተግባራቶም ጽዩፍ፡ ዓቕምን ሓይልን ነይርዎ እንተዝኸውን ንነብሱ ብቐዳምነት ምጠቐሙን ምኣለዩን፡ እንተኾነ ንዝወርዶም ፈተነ ክከላኸሉ ዘይክእሉ፡ ንሕማሞም ክፍውሱ ዓቕሚ ዘይብሎም ኮይኖም ትረኽቦም። ዝከኣሎም እንተዝኸውን ንነብሶም ብኸይራት ኣኸቢቦም ዝለዓለ ክብርን ቦታን ምሃብዋ፡ እንተኾነ ግዳ ኩሉ ብድልየት ኣላህን ፍርዱን ድኣ ይኸውን ኮይኑ እምበር።

ሲሕሪ ሓራም ምኻኑ መርትዖ ምስ እንደሊ፡ ረቢ (ሱ፡ወ) ኣብ ቁርኣን፡-

وَلَقَدْ عَلِمُواْ لَمَنِ اشْتَرَاهُ مَا لَهُ فِي الآخِرَةِ مِنْ خَلاَقٍ

ይፈልጡ እዮም ይብል፡ ብሲሕሪ ዓጊቦም ካብ ሸሪዓ ናይ ረቢ ዘልገሱ፡ ኣብ ኣኼራ ዕድል ኮነ ብጽሒት የብሎምን፡ ምኽንያቱ ንዲኖም ብኣዱንያ ተሻይጦማ ስለዝኾኑ።

ኣብ ካልእ ኣያ ድማ ነቶም ብሲሕርን ዝሰርሑን ዝኸተሉን ክገልጾም እንከሎ:-

يُؤْمِنُونَ بِالْجِبْتِ وَالطَّاغُوتِ

ነዛ ኣያ ዑመር (ረ.ዓ) ከምዚ ይብል: ጁብቲ ማለት ሲሕር ክኸውን እንከሎ: ጣቑት ድማ ሸይጣን ማለት እዩ ይብል። ነዞም ሰባት ድማ ኣላህ ገሲጽዎም። ኣብ ሓዲስ ናይ ረሱል (ሰ.ዓ.ወ): ኣቡ ሁረይራ (ረ.ዓ) ዘመሓላለፈልና ሓዲስ:- ካብተን ሸውዓተ ንደቂ ሰባት ዘጥፍእኣኦም ዘንብታት ተጠንቀቑ ምስ በልዎም: መንየን ያረሱሉላህ? በልዎም: ሺርኪ ብረቢ: ካብ ግቡእ ወጻኢ ረቢ ዝሓረማ ትንፋስ ከተጥፍእ (ቅትለት ክትፍጽም): ሓራጣ ክትበልዕ: ገንዘብ የቲም ከተህልኽ: ኣብ ግዜ ኩናት ሕቖኻ ሂብካ ንሙስልሚን ይሕዋትካ ኣግዲዕካ ክትሃድም: ኣብ ልዕሊ ክብረት ናይ ኣስላመይቲ ድማ ድቦላ ክትወድቕ ክብሉ ዘርዘርሎም።

እታ ቐዳመይቲ ሺርኪ ብረቢ ኮይና እታ ዝዓበየት ዘንቢ ኣብ እንዳ ረቢ እያ። እዚ ድማ ንኻልእ ማዕረ

ኣላህ ሰሪዕካ ንዕኡ ጥራይ ዝግባእ መግዛእትን ዒባዳን ንኻልእ ምሃብ፡ ንኣብነት ንኻልእ ኢልካ ክትሓርድ፡ መቓብራት ከይድካ ክትልምንን ብኻልእ ክትምሕልን ዝኣመሰሉ የጠቓልል። እዚ ድማ ነተግባሪኡ ንሓዋሩ ኣብ ሓዊ ጀሃነም የስፍሮ፡ ካብ ጀና ድማ ይሕርሞ።

إِنَّهُ مَن يُشْرِكْ بِاللَّهِ فَقَدْ حَرَّمَ اللَّهُ عَلَيهِ الْجَنَّةَ وَمَأْوَاهُ النَّارُ وَمَا للظَّالِمِينَ مِنْ أَنصَارٍ

ሓደ ጊዜ ነብይ (ሰ.ዓ.ወ) ዝዓየበየ ዘንቢ ኣየናይ እዩ ተባሂሎም ምስ ተሓተቱ፡ ኣላህ ንሱ ፈጣሪኻ እንከሎ መሻርኽቲ ክትገብረሉ ክብሉ መለሱ።

أن تجعل لله ندًا وهو خلقك

እታ ካልኣይቲ ሲሕሪ እያ። ብድሕሪ ሺርኪ ድማ ረሱል ጠቒሶማ። ኣብዚ ተግባር ዝተዋፈሩ ሰባት ንሸይጣን እንዳተገዝኡ፡ ዱዓን ሕሩድን ንዕኡ እንዳገበሩ፡ ናይ ሲሕሪ ነገራቶም የካንውኑ:: ናይ ሲሕሪ ነገር ካብቲ ሓደገኛ ዝገብሮ ንነብሲ፡ ንገንዘብ፡ ንኽብሪ ወዲ-ሰብን ብዓቢኡ ድማ ሓቂ ናይ ኣላህ ኣጥፊኡ ንሺርኪ ዝዕድም ስለዝኾነ እዩ። ከምኡ

ስለዝኾነ ድማ ካብቶም ካልኦት ዝተጠቕሱ ዘንብታት ድሕሪ ሺርኪ ከቢድ ይገብሮ። ናይ ሲሕሪ ነገር ከቢድ እዩ። ብመጠን ርዝነት ዘንቡን ኣብ ደቂ ሰባት ዘስዕቦ ሃስያን: ስሕረኛ ቅትለት እዩ ፍርዱ። በዚ ድማ ረሱል ኣዚዞም: ሰይድና ዑመር'ውን ከምዝኣዘዙ ይፍለጥ። ሓፍሳ ሰይቲ ነብይ ሰራሕተኛኣ ዝነበረት ዝሰሓረታ ክትቅተል ከምዝኣዘዘታ'ውን ይፍለጥ።

ካብ ስሕረኛታት ንዝፍነወልካ ኲናት ቀንዲ መከላኸሊኡን ዋልትኡም እምበኣር ዱዓን ኣዝካርን: ቁርኣንን ኣብ መንገዲ ናይ ረቢ ቀጥ ምባልን እዩ። ቁርኣን ኣብ ልዕሌኻ ክወርድ ናይ ዝኽእል ጽልዋ ይከላኸል: ልብኻ ድማ ብኣዝካር ዝመለአ እንተኾይኑ ወላሓንቲ ካብ ውዲታት ናይ ሳሕር ኣይጎድኣካን እዩ። ኲሉ ጊዜ እቲ ሙእሚን ካብ ሸይጣንን ሰዓብቱን: ካብ ገበርቲ እከይ ሲሕሪ ይዕወዙን ናብ ረቢ ይሙርኮሱን። ርሑቅ ከይከድና ረሱል (ሰ.ዓ.ወ) ዝዓለሙና ነተግብር። ሙዓውዘቴን (ቁል ኣዑዙ ብረቢ ናስን ቁልኣዑዙ ብረቢልፈለቕን (ሰለስተ ጊዜ): ንግሆን ምሸትን ክትድቅስ እንከለኻን: ኣየተልኩርሲ ቀትርን ለይትን: ክልተ መወዳእታ ኣያት ናይ ሱረተል-በቐራን ንዝቐረአ ካብ ኲሉ

ይኣኽለኦ ወይ ድማ ይሕልወኦ ኢሎም። ካልእ ተወሳኺ ዱዓታት ድማ ከምዚ ዝስዕብ ይመስል:-

باسم الله الذي لا يضر مع اسمه شيء في الأرض ولا في السماء وهو السميع العليم» ثلاث مرات في الصباح والمساء

[رواه أبو داود

ብስም እቲ ዝኾነ ይኹን ስሙ እንተተዘኪሩ ኣብ መሬት ኮነ ኣብ ሰማይ ጉድኣት ዘይቀርበካ ዝኾነ ዝሰምዕን ዝርእይን ኣላህ ኢልካ ሰለስተ ግዜ ዱዓ ክትገብር።

وقول: «أعوذ بكلمات الله التامات من شر ما خلق» ثلاث مرات في الصباح والمساء

ኣብ ካልእ ሓዲስ ረሱል ከምዝጠቐስዎ: ሸውዓተ ጥሉል ተምሪ ንግሆ እንተበሊዕካ ካብ ናይ ሲሕርን ካብ ስምን ጉድኣት ትድሕን ኢሎም።

من تصبح بسبع تمرات عجوة لم يضره ذلك اليوم سم ولا « سحر» .